

Tigrinja

ንኮሙናዊ ኣባይቲ ክራይ ዝምልከቱ ሕግታት ገዛ

ኣብ ኮሙናዊ ዝካረ ገዛ ዝቕመጡ ተካረይቲ ዝነብሩሉ ኣከባቢ ምቹእን ውሑስን ክኸውንን፡ ንብረታት ኣባይቲ ዝኾነ ማህሰይቲ ከይወርዶ ክከላኸሉሉን እጃሞም ከበርክቱ ግዴታ ኣሎዎም። ንነፍስኻን ኣጋይሽካን ሓላፍነት ትስከመሎም ንስኻ ኢኻ።

1. **ሓፈሻዊ ህድኣትን ውሕስነትን**
    - a. ኣብ መንጎ ሰዓት 23.00ን 07.00ን ዘሎ ግዜ ኣብ ገዛኻን ካብ ገዛኻ ወጻእን ህድኣት ክሰፍን ኣሎዎ።
    - b. ኣብ ዝተረፈ ክፋል ናይቲ መዓልቲ ውን ንጎረባብትኻ ሕለየሎም።
    - c. ኩሉ ግዜ ካብ ጎደና ዘእቱ ማዕጾ፡ማዕጾ ታሕተዋይ መኻዚኖ'ን ማዕጾ ላዕለዋይ መኻዚኖን ብመፍትሕ ከምዝዕጾ ግበር።
2. **እቲ ገዛ**
    - a. እቲ ገዛ ብጽሬትን ጽፈትን ሓዞ። ማህሰይትታትን ሃሰይቲ እንስሳታትን እንተደኣ ርኢኻ ሓብር።
    - b. ብጠልን ቃንጥሻን ዝኽሰቱ ማህሰይትታት ንከተወግድ እቲ ገዛ ብቐጻሊ ዓመት ምሉእ ንፋስ ከተውቅያ ኣለካ፡ ከምኡውን መተሓላለፊታት ኣየር(ventilasjon) ናይቲ ገዛ ክትዓጽዎ የብልካን። መግቢ ክትሰርሕ ከለኻ ቨንቲሌተር መተሓላለፊ ኣየር ክሽነ(kjøkkenvifte) ተጠቐመሉ።
    - c. ብመሰረቱ ግዳማዊ ኣንተናታት ምትካል ኣይፍቀድን እዩ።
    - d. ኣብ ርእሲ መጋረዲ ቨራንዳ መንጸፊታት ኣይትንገፍ ወይ ነገራት ጠልጠል ኣይተብል።
    - e. ካብ ገዛኻ ንኣዕዋፍ ምምጋብ ፍቑድ ኣይኮነን።
    - f. ኣለክትሪካዊት መኪና/ሃይብሪድ መኪና/ባትሪ ብሽግለታ ብብቑዕ ዝኾነ መምልኢ ቻርጀር ጥራሕ እዩ ክትመልኦ ዝፍቀደልካ።
    - g. ቃልዕ ሓዊ(ሚሐ-ጥብሲ/ግሪል፡ፕሪሙስ፡ሚጋርያ ሓዊ) ኣይፍቀድን እዩ፡ ከምኡውን ብጋዝ ዝሰርሕ ፎርኖ ውን ኣይፍቀድን እዩ።
    - h. ብውሑዱ ሓንሳብ ንዓመት መሕበሪት ሓዊ(røykvarsler) ባትሪ ቐይረላ፡ ከምኡውን መጥፍኢ ሓዊ(brannslukningsapparat) ገምጥሎ።
    - i. ኣብ ገዛኻ፡ ኣብ ቨራንዳ ወይ ሓባራዊ ቦታታት ብቐሊሉ ሓዊ ክኸስቱ ዝኽእሉ ነገራት ወይ ነቷጉ ነገራት ኣይተቐምጥ።
3. **ሓባራዊ ቦታታት**
    - a. ብሕታዊ ንብረታት ኣብ ገዛኻ ወይ መኻዚኖኻ ጥራሕ ኣቐምጦ።
    - b. ዘይተመዝገቡ መካይን ኣብ ብኮሙነ ዝውነን መሬት ኣይተቐምጥ
    - c. ሕግታት ኮሙነ ተኸቲልካ ጓሓፍ ፈላሊኻ ደርቢ። ጓሓፍ ወይ ንብረት ኣብ ኣፍደገ ኮንተይነራት ኣይተቐምጥ። ዕብይ ዝበሉ ንብረታት ባዕልኻ ናብ መደበር ጓሓፍ ከተብጽሖ ኣለካ።
    - d. ኣብ ሓባራዊ ቦታታት ዝርከቡ ሶኬታት ንግላዊ መዓላኻ ክትጥቀመሎም ኣይፍቀደልካን እዩ።
4. **እንስሳታት**
    - a. መብዛሕትኡ ግዜ እንስሳታት ክህልወካ ይፍቀድ እዩ። ኣድላዪ ክኸውን ከሎ ኣካራዪ ኣብ ገዛ ክመጽእ፡ክቆጻጸር'ን ክጽግ'ንን ንክበቅዕ ገዛኻ ተረካቢ ክትገብረሉ ኣለካ፡ ከምኡውን ኣካራዪ ኣብ ገዛ ክመጽእ ከሎ ናይ ገዛ እንስሳ ከምዘለካ ክትሕብር ግዴታ ኣለካ። ኣካራዪ ግበሮ ኢሉ እንተደኣ ሓቢሩካ ነቲ ናይ ገዛ እንስሳ ንግዜኡ ከተልግሶ ወይ ነቲ ዝመጽእ ሰብ ከምዘየሰናኽሉ፡ዘይምቹእነት ከምዘይፈጥረሉ ወይ ማህሰይቲ ከምዘየውርደሉ ክትገብር ኣለካ።
    - b. ኣገልግሎታት(ሓገዛት) ዝወሃቦ ዓይነት ኣባይቲ ምስ ዝኸውን እንስሳታት ክህልወካ መብዛሕትኡ ግዜ ኣይፍቀድን እዩ።
    - c. ናይ ገዛ እንስሳታት ኣብ ሓባራዊ ቦታታት ወይ ኣብ ኣፍደገ ብዘይ ሓላዊ በይኖም ክኾኑ የብሎምን።
5. **ሕግታት ገዛ እንተደኣ ጥሒስካዮም**
    - a. ሕግታት ገዛ ምጥሓስ ውዕል ክራይ ገዛ ከምዝጠሓስካዮ እዩ ዝቑጸር፡ እዚ ከኣ ከበድቲ ሳዕቤናት እዩ ዘስዕበልካ። ንትሮንድሀይም ኮሙነ ተውርደሎም ቁጠባዊ ክሳራታት ቁጠባዊ ሓላፍነት ትስከመሉ ንስኻ ኢኻ፡ ከምኡውን ውዕል ክራይ ክስረዝን እቲ ገዛ ክንፈገካን ተኽእሎታት ኣሎ።
    - b. ንሰራሕተኛታት፡ ኢደጥበብ ዘለዎም ሞየኛታት፡ጎረባብቲ ወይ ካልኦት ንጎነጽ ወይ ምፍርራሕ ምቅላዕ ከም ዘይጽወር ጠባይ እዩ ዝቑጸር።
    - c. እቲ ገዛ ሓደ ክፋል ናይ ሓባራዊ ምሕደራ ከም borettslag ወይ sameie እንተደኣ ኮይኑ ናቶም ሕግታት ክትክተሎ ኣለካ።
6. **ኣብ ትነብረሉ ኣከባቢ ዝኾነ ኣሉታዊ ነገራት ክፍጸም ከሎ ጥርዓን ክትሰድድ እንተደኣ ደሊኻ**
    - a. ጎረቤትካ ነዞም ሕግታት እንተደኣ ጥሒሱዎም ወይ ኣሸጋሪ ጠባይ ዘርኢ ኮይኑ ጥርዓንካ ብጽሑፍ ናብ ኮሙነ ስደዶ። ኣብ ኢንተርነት ዝምላእ ፎርም ኣሎ ክትጥቀመሉ ትኽእል "Klage på bomiljø"፡ ኢመይል ናብ bomiljo@trondheim.kommune.no ትሰድድ ወይ ደብዳቤ ትሰድድ።